ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.294 | ሰንበት 9 ነሓሰ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኩናት ኢሙ


ገጽ 4
ኣገዳስነት ምሕደራ ጸጋታት ማይ



ገጽ 5
ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታት...


ገጽ 7
ሞያን ስነምግባርን



# ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ፡ 5ይ ጉባኤ ኣካዪዱ

ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ፡ “ቛንቋ ምልክት፡ ማእከል ስሕበት ኩሉንትናዊ ምዕባለ ጽሙማን’ዩ” ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ 8 ነሓሰ ኣብ ኣስመራ 5ይ ጉባኤ ኣካዪዱ።



ኣብ’ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ’ውን ካብ ዞባታት ዝተወከሉ ኣባላት ማሕበር ዝተረኽቡሉ ጉባኤ፡ ኣቦ-መንበር ማሕበር ኣቶ ወልደሚካኤል ስእለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስንክልና ጽሙት - ድሩትነቱ ክንዮ ምብህሃል ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ጎሊሑ ይርኣ ምህላዉ፣ ነዚን ካልእን ብድሆታት ንምቅላል ድማ ብወሀደት ምስራሕ ከምዘድሊ ብምሕባር፡ ጉባኤ ንውሑስ ዕብየትን ምዕባለን ቛንቋ ምልክት ወፍሪ ንምግባር ዝደፍእ ከምዝኾነ ኣነጺሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ምሕረትኣብ ፍስሃየ ብወገኑ፡ ጽሙማን ከም ካልኦት ምስ ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ምዕሩይ ዕድላት ዝረኽቡሉ ባይታ ምጥጣሕ፡ መንግስቲ ቀዳምነት ሂቡ ካብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ዕማማት ማሕበራዊ ድሕነት ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።

ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ፡ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት፡ ሃገራዊ ማሕበራት ዓይነ-ስዉራን፡ ከምኡ’ውን ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን፡ ናይ ምሕዝነት መልእኽቲ ኣቕሪቦም።

ማሕበር ካብ ራብዓይ ክሳብ ሓምሻይ ጉባኤ ንዘሰላሰሎ ስራሕ ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ መሰላት ጽሙማን ምርግጋጽ፡ መኑብሮኦምን ኣለይቶምን ምምሕያሽ፡ ቛንቋ ምልክት ምምዕባል፡ ዕድላት ትምህርቲ ምስፋሕ፡ ከምኡ’ውን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ምብራኽ ዘጠቓልል ውጽኢታዊ ስራሕ ከምእተዓመ ተገሊጹ።


ስእሊ ዮውሃንስ መብራህቱ፡

ተጋባእቲ ኣብ’ቲ ጸብጻብን ቅዋም ማሕበርን ድሕሪ ዘካየድዎ ክትዕ፡ ንዝቕጽል ኣርባዕተ ዓመታት እተገልግል ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል መሪጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ብኣባላት ማሕበር ዝተዳለወ ምርኢት ኢደ ስርሓት፡ ምህዞን ሰንዓን፡ ስእላዊ ምርኢት፡ ከምኡ’ውን ትልሂት ቀሪቡ።

ኣብ 1998 ዝተመስረተ ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ፡ ብደረጃ ሃገር 40% ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም ኣስታት 30 ሽሕ ኣባላት ኣለውዎ።

# ሰንዓፈ - ንሽማግለታት ዕርቂ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ



ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ንዝኽሰቱ ክርክራት ብዕርቂ ኣብ ምድቃስ ንዝጸጥፉ ሽማግለታት፡ ኣብ ዕለታዊ ስርሖም ዝሕግዞም ኣስተምህሮ ብ5 ነሓሰ ተዋሂቡ።

ዕላማ ናይ’ዚ ኣብ 23 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝጸጥፉ ሽማግለታት ዕርቂ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ዘጋጥሙ ክርክራት ኣብ ክብርታት ሕብረተሰብ መሰረት ብምግባር ብዕርቂ ዝድቅሰሉ፣ ተኸራኸርቲ ድማ ካብ ሃልኪ ግዜን ገንዘብን ተናጊፎም ጉዳያቶም ብቐረባ ዝፈትሑሉ ባይታ ንምጥጣሕ’ዩ።

ኑቲ ኣስተምህሮ ዝሃበ ካብ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ ኤርምያስ ሓድጉ፡ ሽማግለታት ዕርቂ ንሲቪላውን ገበናውን ጉዳያት ብግቡእ ኣለልዮም ኣብ ኣተሓሕዛኦም ክኽተልዎ ዘለዎም ሕጋዊ መሳልል መረዳእታኦም ከዕብዩ ብምዝኽኻር፡ ኣብ መንጎ ፍርድን ዕርቅን ዘሎ ፍልልይ ተገንዚቦም፡ ርትዓዊ ኣገልግሎት ንምሃብ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላብዩ።



ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኮፐራል ኣቶብርሃን ሃይለ ብወገኑ፡ ኣብ መንጎ ሰባት ዝፍጠሩ ግርጭታትን ክርክራትን ብፍትሓዊ ሽምግልና ብዕርቂ ንኽድቅሱ፡ ተራ ሽማግለታት ዕርቂ ወሳኒ ስለዝኾነ፡ እቲ ኣስተምህሮ ኣብ`ዚ መዳይ`ዚ ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ገሊጹ።

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ምኽትል ተለንት ክፍለ ተስፋዮሃንስ ድማ፡ ዕርቂ ንኹሉ ወገን ዘዕግብ፣ ዘላቒ ፍታሕ ዘረጋግጽ፣ ከምኡ’ውን ቅርሕንቲ ብምፍዋስ ሰላምን ሓድነትን ዘውሕስ፡ ካብ’ቶም እንሕበኦምን ንቐጻልነቶም ብዕቱብ ክንዓቒ ዝግባኣናን ክብርታት ከምዝኾኑ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ኣስተምህሮ ኣብ ኣተሓሕዛ ጉዳያትን ኣገዳስነት ሽምግልናን ንዘጸንሖም ግንዛበ ዘማእዘንን ተመክሮ ዝድርዕን ብምዃኑ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣብ ዝርከባ 23 ምምሕዳራት ከባቢ፡ ብጠቕላላ 490 ሽማግለታት ተረቚሖም ዕማማቶም ኣብ ምስልሳል ይርከቡ።

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ኣብ ምስፋሕ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ዘተኰረ ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ኣገዳስነት ምስፋሕ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ዘተኰረ ዓውደ-ዘተ፡ ብ4 ነሓሰ ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን መሻርኽቲ ኣካላትን ዝተሳተፍዎ ዓውደ-ዘተ፡ ሓላፊ'ቲ ጨንፈር መምህር ፍስሃየ ኪዳነ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምስፋሕ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ብቕዓት ትምህርቲ ብምርግጋጽ ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ዘርኢ ዝዀነ ድኻማት ንምፍዋስ ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ተራ ኮም ክዓዝዝ፣ ወለዲ ድማ ኣብ ክሊ 4 ክሳብ 5 ዓመት ንዝርከቡ ደቆም ናብ ትምህርቲ ክልእኹ ተላብዩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቅድመ-ትምህርቲ መምህር ሃይለ ማቴዎስ ብግደኡ፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ናይ'ቲ ዞባ ዝርከቡ ህጻናት ዕድል ትምህርቲ ንክረኽቡ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2026/2027 ትሸዓተ ማእከላት ብምኽፋት 45 ሓደስቲ ትካላት ቅድመ ትምህርቲ ንምስራሕ መደብ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ዘርኢ ምድንጓይ መምህራን መፍትሒ ክናደየሉ፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተራእየ ወሁድ ጸዕሪታት ብዝሓየለ ክቕጸል፣ ንጥፈታት ምቁጽጻርን ምክትታልን ብስሩዕ ንምክያድ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ክፍታሕ፣ ከምኡ'ውን ሕጽረት መምህራን ንምፍዋስ ብኣጋ ክሕሰበሉ ተላብዮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ትምህርቲ መሰረት ምዕባለ ስለዝኾነ፡ ህጻናት ኣብ ግቡእ ዕድመኦም ዕድል ንክረኽቡ፡ መንግስቲ ንርሑቕ ገጠራት ጠመተ ብምሃብ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ንምስፋሕ ዝገብሮ ዘሎ ወፍሪ ንኽሰምር፡ ንቑሕ ተራ ሕብረተሰብ ወሳኒ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣመሓደርቲ ንኡስ ዞባታት ዓቢ ቁላሕታ ክህብዎ ተማሕጺኑ።



## ሓልሓል - ተራ ኮም ኣብ ምምዕባል ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምዕዛዝ ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ተራ ኮም ኣብ ምምዕባል ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምዕዛዝ ዝዘተየ ርክባት፡ካብ 27 ሓምለ ክሳብ 5 ነሓሰ ተኻዪዱ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ግርማጽዮን ኣብርሃ ምስ ዓበይቲ ዓዲን ኣነባበርትን ኣብ ዝገበሮ ርክባት፡ በብግዜኡ ዝዋደድ ዘሎ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ህዝቢ ብግቡእ ክጥቀመሉን ቀጻልነቱ ከውሕስን ኣብ ዝሕግዝ መዳያት ብዕምቈት ተዘትዩ።



ንተራን ኣበርክቶን ነበርቲ ኣብ መደባት ልምዓትን ድሕነትን ዝመጐሰ ኣቶ ግርማጽዮን፡ ትግባረ ዝውጠን መደባት ብግቡእ ክከታተሉን ተጠቃምነቶም ንምብራኽ ሓባራዊ ርድኢቶም ከሐይሉን ኣዘኻኺሩ።

ነበርቲ ብግደኦም፡ ከም'ዚ ዝበለ ርክባትን ዘተን ብስሩዕ ክካየድ፣ መደበር ጥዕና መሊብሶ ናብ ማእከል ጥዕና እትዓብየሉ ኩነታት ክናደ፣ ከምኡ'ውን ጽርግያ ከረን - ኣስማጥ ጽገና ክግበረሉ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣድማዒ ስራሕ ይሰላሰል ኣሎ

ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ንመበል 28 ግዜኡ ብዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ኣብ ሰለስተ ንኡስ ዞባታትን 20 ምምሕዳራት ከባቢን ኣድማዒ ንጥፈታት ይሰላሰል ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ መምህር ፍስሓጽዮን ተኪኤ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ወፍሪ ኣብ ንኡስ ዞባታት ናቕፋ፡ ኣፍዓበትን ጊንዳዕን ኣብ ዝርከባ 15 ንቑጣታት ይካየድ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምስራሕን ምጽጋንን ዛላታትን ከትሪታትን፡ ምቑራጽ ወረርቲ ኣግራብ፡ ከምኡ'ውን ምኹዓትን ምዝርጋሕን መስመራት ማይ ኣብ ጊንዳዕን ደንጎሎን ከምዝጠቓለል ኣረዲኡ።

ኣብ'ዚ ወፍሪ፡ 79 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከቡኦም ልዕሊ 2,060 ተመሃሮ፡ ኣለይቲ መምህራን፡ ክኢላታት ሕርሻን ኣጋር ሓካይምን ይሳተፉ ኣለዉ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ዝዕመም ዘሎ ንጥፈታት ውጽኢቱ ኣብ ባይታ ይርእይዎ ስለዘለዉ፡ ብዝሓየለ ከምዝቕጽልዎ ኣረጋጊጾም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም	ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ	ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ 1284

## ባረንቱ - ንጽጉማት ስድራ ስዉኣት ዓይነታዊ ደገፍ ተገይሩ



ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ መኹተ ን12 ስድራ ስውኣት 28 ኩንታል እኽሊ ደገፍ ገይሮም።

ኣመሓዳሪ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ጉብረብርሃን ይሕደጎን ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ መርሃዊ ግርማይን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ደገፍ ኣካል ናይ'ቲ ማሕበራቁጠባዊ መሰረት ስድራ ስውኣት ንምምሕያሽ በብከባቢኡ ዝውሰድ ተበግሶታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ከምዝቕጽል ገሊጾም።

ኣባላት ኮሚቴ ሓገዝ ስድራ ስውኣት ብወገኖም፡ ማስርሕ ዕደላ ኣቐዲሙ ብዝተገብረ መጽናዕቲ ከምእተኻየደ ብምጥቃስ፡ ንስድራ ስውኣት ዝግበር ዝኾነ ዓይነት ደገፍ፡ ሓላፍነት ናይ ኩሉ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ብዝሓየለ ከምዝሰራሓሉ ኣረዲኦም።

# መዘናግዒ

ማርታ ክብሮም


## "ኩናት ኢሙ"

ኩናት ኢሙ ኣብ 1932 ኣብ ኣውስትራልያ ኣንጻር ኣዕዋፍ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ወፍሪ እዩ፡፡ እዘን ካብ ዓሌት ኣዕዋፍ ኮይነን ግን ከኣ ዘይነፍራ ኢሙ ዝተባህላ ኣዕዋፍ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኣውስትራልያ ዘራእቲ የዕንዋ ኣለዋ ብዝብል ምኽንያት እዩ ንምጥፍኣን ተበጊሶ ተወሲዱ፡፡ እቲ ዘይዕወት ምንባሩ እተገልጸ ኩናት፡ ወተሃደራት ኣውስትራልያ ኣጽዋርን ኣንጻር እተን ኣዕዋፍ ስለዘቐንዕዎ ማዕከናት ዜና፡ ነቲ ወፍሪ 'ኩናት ኢሙ' እናበላ እየን ዝጠቕስኦ፡፡

ድሕሪ ምዝዛም ቀዳማይ ኩናት ዓለም፡ ብዙሓት ኣብቲ ኩናት ዝተሳተፉ ኣውስትራላውያን ኣብ ዓዶም ሕርሻ ንኸካይዱ መሬት ተዋሂበዎም፡፡ ኣብ'ቲ ግዜ ኣብ ኣውስትራልያ ሕጽረት ስርናይ ኣጋጢሙ ብምንባሩ ከኣ ኩሎም ሓረስቶት ስርናይ ክዘርኡ መምርሒ ተዋሂቡዎም፡፡ እንተኾነ ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ኣስታት 20 ሽሕ ኣዕዋፍ ኢሙ ብምንባረን እቶት ስርናይ ብርኡይ ክንቆልቁል ጀመረ፡፡ ብዘይካ'ዚ ኢሙ ንሓጹር ናይቲ ዘራእቲ የዕንውኦ ብምንባረን ማናቲል እውን ናብቲ ግራውቲ ብምእታው ነቲ ካብተን ኣዕዋፍ ዝተረፈ ዘራእቲ ደምስሰኦ፡፡

እቲ ኩነታት ልዕሊ ዓቐሞም ዝኾኖም ወተሃደራት ነበር፡ ኣብ'ቲ ግዜ ሚኒስተር ምክልኻል ንዝነበረ ሰር ጆርጅ ፒርስ ክረኽብዎ ወሰኑ፡፡ እቶም ኣብ ግዜ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ብዝዮጎኦ ተራሓም ዝተጻወቱ ወተሃደራት ደማ ብረት ተጠቒሞም ነተን ኣዕዋፍ ከጥፍኡወን ነቲ ሚኒስተር ኣእመንዎ፡፡

ኩናት ኣንጻር ኣዕዋፍ ኢሙ ኣብ ጥቅምቲ 1932 ብወግዒ ምስ ተኣወጀ፡ ነተን ኣዕዋፍ ንምቕታል ኣስታት 10 ሽሕ ጠያይት ጥኹ፡፡ የግዳስ ኣብቲ ን6 መዓልታት ዝቐጸለ ኩናት፡ ካብ 500 ዘይበዝሓ ኣዕዋፍ ጥራይ እየን ተቐቲለን፡፡ እቲ ስርሒት ካብ ተጣበቕቲ እንስሳታት'ውን ተቓውሞ ስለዝገጠሞ፡ እቶም ወተሃደራት ካብቲ ኩናት ክንሱሓቡ ተገደዱ፡፡ እንተኾነ ኢሙ ኣብ ልዕሊ ዘራእቲ መለሰን ዕንወት ስለዝቐጸላ ዳግማይ ስርሒት ብምጅማር ኣስታት 4,000 ኢሙ ቀተሉ፡፡ እቲ ዳሕረዋይ ስርሒት ኣድማዒ ከም ዝነበረ እዩ ዝንገረሉ፡ ከም ወጽኢቱ ከኣ እቲ ጉዳሉ ዝነበረ ምህርቲ እቶት ስርናይ ክብ ክብል ጀመረ፡፡ ድሕሪ'ዚ፡ ብትእዛዝ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣውስትራልያ፡ ሓረስቶት ግራውቶም ንኽከላኸሉ ብዝብል ዕላማ ኣስታት 500 ሽሕ ጠያይቲ ከም ዝዕደሉ ተገብረ፡፡ ይኹን'ምበር፡ እዘን ኣዕዋፍ በቲ ኣብ ልዕሊአን ዝተፈጸመ ወፈራ መቕተልቲ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ስለ ዝጸነታ፡ ንኣውስትራልያ ዘጣዕስ ኮይኑዋ ኣሎ፡፡



## ካብ ክልተ ኣቶማዊ ቦምባታት ዝደሓነ ጃፓናዊ

ትሱቶሙ ያማጉቺ ኣብ ክልተ ከተማታት ጃፓን ማለት ህሮሺማን ናጋሳኪን ካብ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ኣቶማዊ ቦምብ ኣመሪካ ብህይወት ክሰርር ዝኸኣለ እቲ እንኮ ውጹእ መዓት እዩ፡፡ ንሱ ኣብ 6 ነሓሰ 1945 ብስራሕ ምኽንያት ኣብ ህሮሺማ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብታ ከተማ ከሎ ከኣ እቲ ዘይንሕፍን ሓደገኛን ኣቶማዊ ቦምብ ኣመሪካ ኣብታ ከተማ ዓለበ፡፡ ያማጉቺ ኣብታ ከተማ ከሎ፡ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ኣካላቱ ቃጸሎ ኣጋጢምዋ ኣብታ ከተማ ሓደረ፡፡ ንጽባሒቱ ኣንጊሁ ናብታ ካብ ህሮሺማ ኣስታት 300 ኪሎ ሜትር ርሒቓ እትርከብ መበቆል ዓዱ ዝኾነት ከተማ ናጋሳኪ ከደ፡፡ ኣብ ሳልስቱ 9 ነሓሰ ንግሆ፡ ናብ ስራሑ ብምእታው፡ ንመሳርሕቱን ኣዕሩኽቱን ብዛዕባ እቲ ኣብ ህሮሺማ ዘጋጠመን ከመይ ኢሉ ከም ዝደሓነን የዕልሎም ነበረ፡፡ እንተኾነ ዘረባኡ ብዝዮጎኦ ከይወደአ ካልእ መጥቃዕቲ ኣቶማዊ ቦምብ



ኣብ ከተማ ናጋሳኪ'ውን ሰዓበ፡፡ ሕጂ'ውን ካብቲ መጥቃዕቲ ብህይወት ክሰርር ደኣ ከኣለ፡፡

ያማጉቺ እቲ እንኮ ካብ ክልቲኡ ቀታሊ መጥቃዕቲ ብህይወት ክተርፍ ዝኸኣለ ሰብ ብምንባሩ፡ ካብ መንግስቲ ጃፓን ናይ ክብሪ ሰርቲፊኬት ክወሃብ በቒዑ እዩ፡፡

ንሱ ነቲ ክብሪ ድሕሪ ምብቃዑ፡ "ካብ መጥቃዕቲ ናጋሳኪን ህሮሺማን ብህይወት ክሰርር ብምኽኣለይ ተፈላጥነት ክረክብ ክኢለ እየ፡፡ እዚ ኣገዳሲ ኣሰንዓዊን ትራጀኻዊን ፍጻመ ድማ ንዝመጽእ ወለዶ ብዙሕ ነገር ክምህር ዝኽእል እዩ" ኢሉ፡፡

ብዘይካ'ዚ ያማጉቺ ኣብ 2006 ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣቲ ዝነበረ ፍጻመ ኣመልኪቱ መደረ ከቕርብ ዕድመ ቀሪቡሉ ነይሩ፡፡

ጃፓን እታ እንኮ መጥቃዕቲ ኣቶሚካዊ ቦምብ ዘጋጠማ ሃገር እያ፡፡ በቲ መጥቃዕቲ ኣብ ከተማ ህሮሺማ ኣስታት 140 ሽሕ፡ ኣብ ከተማ ናጋሳኪ ድማ ኣስታት 70 ሽሕ ሰባት እዮም ተቐቲሎም፡፡ ያማጉቺ ድማ ሓደ ካብቶም ካብቲ መጥቃዕቲ ክድሕኑ ዝኸኣሉ 260 ሽሕ ሰባት እዩ፡፡ ብዙሓት ካብቶም ብህይወት ዝደሓኑ ሰባት ብዝተፈላለዩ ዓይነታት መንሽሮ ተጠቒዖም ነዊሕ ከይጸንሑ ሞቱ፡፡ ያማጉቺ ግና፡ ኣብ 2010 እዩ ዕድመ ጸጊቡ ኣብ መበል 93 ዓመት ዕድመኡ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ፡፡

## ኣብ ግዜእ ርእሰኻ ምትእምማን

ኣብ ሓደ ከተማ ኣብ ምምጻእን ምልኣኽን ትካጥፍ ሓንቲ ዓባይ ነጋዲት ሰበይቲ ነበረት፡፡ ካብ ዕለታት ሓደ በዚ መጺኡ ዘይተባህለ ናይ ንግዲ ጥፈሻ ገጠማ፡፡ ከሰቅሓኒ እዩ ወይ እውን ክረድኣኒ ይኽእል እዩ ትብሎ ሰብ ስለዘይነበራ ድማ ንበይና ኣብ ከቢድ ጭንቀት ኣተወት፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከላ ሓደ ዓቢ ሰብኣይ ብርሑቕ ኮይኑ ኩነታታ ክዕዘብ ጸኒሐ እሞ፡ ናብኣ ቀሪቡ ብምባል እንታይ ከም ዘጋጠማ ሓተታ፡፡ እታ ነጋዲት 'ውን ኩሉ ዘጋጠማ ብዝርዝር ኣዕለለቶ፡፡ ቀጺሉ'ም እቲ ሽማግለ ሰብኣይ፡ "ስምኪ መን እዩ" ኢሉ ብምሕታት፡ ናይ 500 ሽሕ ናቕፋ ቸክ ጽሒፉ ንዓመታ ልክዕ ከምዛ እዋን ትመልስለይ ብምባል ሂቡ ተፋነዋ፡፡



ነጋዲት ብዘጋጠማ ሃገር እናተገረመትን እናተሓጎሰትን ደጊማ ናብ ንግዲ ዓለም ክትምለስ ሞራል ገበረት፡፡ ቀዲሙ ዝመጻ ሓሳብ ድማ እቲ ሽማግለ ዝሃባ ገንዘብ ከም ተቐማጢ ብምሓዝ ብዝነበራ ገንዘብ ክይተሰከፈት ንግዲ ጀመረት፡፡ ኣዋርሕ ኣብ ዘይመልእ ድማ ብዙሕ ምዕባሌታት እናኣርኣየት፡ ቀጺሉ ዕዳጋታታ ናብ ንቡር እናተመልሰ ከደ፡፡

ልክዕ ኣብ ዓመቱ ከኣ ናይቲ ሽማግለ ሰብኣይ ዕዳ ክትመልስ ኣብ ቦታ ቈጸራ ተረኸበት፡፡ እቲ ሽማግለ ሰብኣይ 'ውን ኣብኡ ጸኒሑ፡ እንተኾነ ብዛዕባ ዝረኸበቶ ዓወት ነገራ፡ ብዙሕ ከም ዝሓገዛን ኣቕዲማ ክተመስግኖምን እናሓሰበት፡ ሓንቲ ጻዕዳ ክዳን ዝተኸደነት ነርስ ብጉያ ናብኣ ክትቀርብ ተዓዘበት እሞ፡ ኣቓልቦኣ ተሳሕበ፡ "ይቕሬታ'ዛ ሓፍተይ፡ እዝም ሰብኣይ ብዙሕ ረቢሾም ይኾኑ እዮም፡" በለታ፡፡ ትብሎ ዘላ ምስቲ ኣብ ወሸጣ ዝነበረ ስለ ዘይተጋጨዋ፡ ዝኾነ ከይተዛረበት ብኣትኩሮ ጥራይ ክትዕዘብ ጸኒሓ፡ ናብቲ ሽማግለ ጠመተት፡፡

ነርስ ብዛዕባ እቲ ሰብኣይ ክተብርሃላ ጀመረት፡፡ "እዚ ሰብኣይ ኣነ ሃብታም እየ እናበለ ንብዙሓት ሰባት ናይ ሓሶት ቸክ ብምጽሓፍ ከሰቅሕ ጸኒሑ እዩ፡፡ ግን ኣብ ሕሰቡ ዋላ ሓንቲ የብሉን ጥዕና'ውን የብሉን" ብምባል ኩነታት እቲ ሽማግለ ሰብኣይ ኣብርሃትላ፡፡ ደጊማ "ይቕሬታ" ብምባል ድማ ነቲ ሽማግለ ሰብኣይ ሒዛቶ ከደት፡፡

እታ ጠፈሻ ዝነበረት ደሓር ግና ናብ ንቡር ዝተመልሰት ነጋዲት ብዝነበራ ሒደት ገንዘብ ክትሸይጥን ክትገዝእን ዝኸኣላ ኣብ ኣእምሮኣ ቅሙጥ ገንዘብ ኣሎኒ ኢላ ትሓስብ ስለዝነበረት እዩ፡፡ ኮታስ ኣብ ግዜእ ርእሳ ስለ ዝተኣማመነት እያ፡፡ ኣብ ግዜእ ርእሰኻ ምስ እትተኣማመን ንመንገዲ ዓወት ኣዚኻ ኢኻ ቀረባ እትኸውንን ዘጸግመካን ዘሸግረካን ነገር ዘይህሉን፡፡

እዛ ሰበይቲ ሽሕ'ኳ "ቅሙጥ ገንዘብ ኣሎኒ" ኢላ ትሕሰብ፡ ኣብ ግዜእ ርእሳ ስለ ዝተኣማመነት እያ ኣብ ዓወት በጺሓ፡፡ እዚ ማለት ካብ ሰብ ሓገዝ ኣይትደልን ማለት ኣይኮነን፡፡ ኣብ ሰብ ምምርኳስን ካብ ሰብ ሓገዝ ምጽባይን ግና ፍልልይ ኣለዎ፡፡ ስለዚ ኣብ ግዜእ ርእስና ምስ እንምርኮስን እንተኣማመንን መንገዲ ዓወት ልዕሊ'ቲ እንሓስቦ እዩ ናባና ቀረባ ዝኸውን፡፡

## ኣወለፍቲ መግብታት



ሓደ ሓደ ግዜ ጥሜት ዘይተሰምዓና ክንስና ክንበልዖ ግና ደስ ዝብለና መግቢ ኣሎ፡፡ እዚ ከኣ ብሰንኪ እቶም ኣብ ኣፍና ምቁራት ዝኾኑ ኣወለፍቲ ዝኾኑ ቀመማት መግቢ እዩ፡፡

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሚቺጋን ኣብዚ መዳይ ኣመልኪቶም ኣብ ኣስታት 500 ሰባት መጽናዕቲ ኣካይዶም፡፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ከኣ ዝርዝር ናይ 35 መግብታት ከም ዝወሃቡ ተገይሩ፡፡ 92 ሚእታዊት ካብቶም ተሳተፍቲ ከኣ ወልፊ ዘትሕዞም መግብታት ከም ዘለዉ እዮም ገሊጾም፡፡ ነቶም ዝጠቐስዎም መግብታት ከቋርጽዎም ከም ዘይክእሉ እንተ ኮነ ከም ዘይከኣሉ ከኣ እዮም ጠቒሶም፡፡ እቶም ተመራመርቲ ብመሰረት እቲ ዘቐረብዎ መጽናዕቲ ኣወለፍቲ ዝበልዎም መግብታት ብቐደም ተኸተል እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

1. ፒሳ
2. ቸኮላታ
3. ቅልዋ ድንሽ (ቺፕስ)
4. ኩኪስ (ዓይነት ብሽኮቲ)
5. በርገር

ወልፈ ሽኮራዊ መግብታት ዘለዎም ሰባት ምስ ዘቋርጽዎ፡ ንሕማም ርእሲ፡ ምንፍጥፋጥ፡ ረሸሽታን ቁጥዐን ከም ዝቃልዑ እዮም እቶም ተመራመርቲ ዘረድኡ፡፡


ዝተማስርሑ መግብታት ልዕሊ ፍርቂ ካሎሪስ ናይ ኣካላትና እዮም ዝሸፍኑ፡፡

ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ ዝዓም ኣብ ኣካላትና ኣትዮም ብዙሕ ጥቕሚ ዘይህቡና መግብታት ብዝተኻእለ መጠን ክነውግዶም ከም ዘለና ምዒዶም፡፡

## ንፍሽኽታ

ሓደ ብዙሕ ዘረባ ዘይክእል ሓፋር መንእሰይ፡ ብጠዘለ ሰብ ኣብ ዝእከቦ ከም እንዳ መርዓ፡ ሓዘንን ካልእ ውራያትን ምኻድ ኣይፈቱን ነበረ፡፡ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ግና፡ ኣደኡ ይሞታ እሞ፡ ከበጽሕዎ ኢሎም ዝመጹ ኣዕሩኽቱ፡ "ብዙሕ ኣይትሕዘን፡ ኣደኻ እኮ ኣደ ኩልና እየን ነይረን ንኹላትና እየን ተፈልየናና፡ ከምዚ ገርካ ክትሓዝን ኣይግባእን" እናበሉ የጸናንዕዎ ነበሩ፡፡

ወዮ መንእሰይ፡ "ኣብ እንዳ ሓዘን ከይደኻስ እምበኣር፡ ከምዚ'ዩ ዝበሃል" ብምባል ንዘረባ ኣዕሩኽቱ ኣብ ልቡ ኣስፈሩዋ ድሕሪ ምጽናሕ ሰበይቱ ንዝሞተቶ ዓርኩ ክበጽሖ ኢሉ ናብኡ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፡ "ብዙሕ ኣይትሕዘን፡ ሰበይትኻ'ኮ ሰበይቲ ኩልና እያ ነይራ፡ ንኹላትና እያ ተፈልያትና፡፡ ከምዚ ገርካ ክትሓዝን ኣይግባእን" ምስ በሎ ኣብቲ እንዳ ሓዘን ተጠማምት ኮነ ይበሃል፡፡



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታት ህዝባዊ ግንባርን

### 3ይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ካብቶን 11 ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝኾኑ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር (ጀማሂር) ተራኡን ኣበርክቶኡን ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ እንታይ ከም ዝነበረ ርኢና። ሎሚ ድማ ካብቶን ዓበይቲ ክፍልታት ህ.ግ. ዝኾነ ክፍሊ ቍጠባን ኣብ ውሽጡ ዝመሓደሩ ኮሚሽናትን ክንርኢ ኢና። ፈለማ ግን ብኣጠቓላሊ ክፍሊ ቍጠባ እንታይ ምኻኑ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

**ክፍሊ ቍጠባ**

ክፍሊ ቍጠባ ሓደ ካብ ዓበይቲ ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር እዩ ነይሩ። ንሱ'ውን ብዘኸኣሉ ዓሰርተ ኮምሽናት ማለት ሕርሻ፡ ምስናዕ (ኢደስራሓት)፡ ህንጻ፡ መጎዓዝያ፡ ንግዲ፡ ፋይናንስ፡ ሰንቂ፡ ንብረትን ምቕባልን መፍረ መደቓሕትን ቤት ትምህርቲ ሱኪኑትን ዝቖመ ነይሩ። ብቑጠባ ርእሱ ምኽኣል ሓደ ካብ ዓበይቲ ዕላማታት ናይቲ ሓርነታዊ ሰውራ ብምንባሩ፡ ህ.ግ. ኣብ ፕሮግራሙ'ቲ ኣቲ ዕላማዚ ብንጹር ኣስፈሩ፣ ብተግባር ድማ ቍጠባዊ ዓቕሚ ንምዕባይን መሰረታዊ ጠለባት ተጋዳላይን ህዝብን ንምምላእን ይጽዕር ነበረ። ኣቲ ዕማማት'ዚ ዝመርሐ ዝነበረ ክፍሊ ቍጠባ ከኣ እዋናዊ ጠለባት ውድብን ህዝብን እናኣማለአ፡ ምርምርን መጽናዕትን ስልጠናን የካይድ፡ ቍጠባዊ ማሕበራታት ንምፍታሕ ብድሩት ፋይናንሳዊውን ቍጠባውን ዓቕሚ ናይቲ ውድብ ዓበይቲ ስርሓት ይፍጽም ነበረ።

**ኮሚሽን ሕርሻ**

ዝበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ መነባብሮኡ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝተመርኮሰ ከም ምኻኑ መጠን፡ ቍጠባዊ ለውጢ ንምምጻእ፡ ምምዕባል ሕርሻን መጓሰን ብቐዳምነት ዝሰርዕ ነበረ። በዚ ድማ፡ እዚ ኮሚሽን ብዙሕ ክፋል ኤርትራ ሓራ ኮይኑ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ኣጠቓቕማ መሬት፡ ዕቃበ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት፡ ኣገባብ ማሕረስን ዘራእቲን፡ እንስሳታት፡ ምሕደራ ሕርሻ፡ ዋጋታት ናውቲ ሕርሻን ዕዳጋን ኣተኩሩ ይሰርሕ ነበረ።

መሬት ዘይብሎም ድኻታት ሓረስቶትን ደቂ ኣንስትዮን ቍጠባዊ ሽግራቶም ንኸፊትሓሉ መሬት ናይ ምጥቃም መሰሎም ኣረጋጊጹሎም። ባዕሎም ዝበቑ ክሕርሱ ዘኽእሉ ቦታታት ንምልማዕ ጸዓሩ። ሓረስቶት ጸገማቶም ባዕሎም ንኸፊትሓሉ ዘኽእሎም ተራድኣታት ብምቕዳም ንዚያዳ ውጽኢት ንዋቶምን ስብኣዊ ዓቕሞምን ኣኻኸቦም፡ ኣገባብ ሕርሻን ዕዳጋን ንምዕባይ ከም ዝጽዕሩ ገበሩ። ሕርሻዊ ፍልጠት ንምዕባይ ሰፋሕቲ ትምህርታዊ መደባት ኣብ ርእሲ ምስርዑ ሕጽረት ናውቲ ማሕረስ ንምምላእ፡ ሓረስቶት ባዕሎም ዘፍርዩሉ ሜላ ብምምሃርን ሓገዝ ብምሃብን ዝሓሸ ኣገባብ ማሕረስ ንምእታው ጻዕርታት ኣካየደ። ዕዳጋታት ሕርሻ (ከም ናይ ማል ዝኣመሰለ) ብምቛም እውን፡ ዋጋታት ንምቍጽጻር ይፍትን ነበረ።

ጨንፈር ሕርሻ ክሳብ 1978 ዝቐደ ስርሓት ጸቡቕ ምዕባለ ከመዝገብ ክኢሉ እኳ እንተ ነበረ፡ ብሰንኪ ምዝላቕ ዝሰዓበ ተኸታተልቲ ወራራት ግን ሰፊሕ መሬት ኤርትራ ክቈጻጸር ኣይከኣለን። ኣብ 1984፡ መድረኽ ጃልኑት፡ ህ.ግ. ሰፊሕ መሬት ኤርትራ ክቈጻጸር ብምኽኣሉ፡ ንሕርሻዊ ህዝቢ ብቐዳምነት ዝሰፍረሉን ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዝረኽበሉን ባይታ ንምፍጣር ጸዓረ። ክሕረስ ዘኽእል መሬት ምልማዕ፡ ኪታብት እንስሳታት ምስፋሕ፡ ንኣተሓሕዛ መሬትን ምግራብን ዝምልከት ትምህርታውን ማእቶታውን መደባት ምትግባር፡ ወሓይዝ ብምቍጽጻር ኣብ ሕርሻዊ መዓል ምውዓል፡ ዒላታት ምድህሳስን ምኹዓትን ወዘተ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ድማ የካይድ ነበረ። ተኸታተልቲ ወግኣትን ናይ ደርግ ኣዕናዊ ተግባራትን ምስ ድሩት ዓቕሚ ውድብ ተደማሚሮም፡ ምስ ወረር ኣንበጣ ንምግታእ ዝተፈላለየ ንትግበራ ናይቲ መደብ ዝዕንቅፉ እኳ እንተ ነበሩ፡ ኮሚሽን



ንጥፈታት ጸቡቕ ዕድል ተረኺቡ እኳ እንተ ነበረ፡ ካብ 1984 -1986 ሓያል ደርቂ ስለ ዘተኸስተ፡ ንመደባት ልምዓት ህ.ግ. ዓቢይ ብድሆ ነበረ።

ህ.ግ. ካብ መድረኽ ጃልኑት ናብ ጸረ-መጥቃዕቲ ምስ ተሰጋገረ፡ ነቲ ዛሕተሉ ዝጸንሐ መደባት ብምብርባር፡ እዋናዊ ሽግራት ካብ ምቅላል ሓሊፉ፡ ንሓዋሩ ፍታሕ ዘምጽኡ መደባት ሓንጺጹ ሕርሻ ህ.ግ. ኣብ ሓራን ሓውሲ-ሓራን ድሕሪ ማስመር እናተንቀሳቐሰ ኣገደስቲ ዕማማት ኣሰላሰለ እዩ።

**ኮሚሽን ፋይናንስ**

እዚ ኮሚሽን'ዚ፡ ንኹሉ ምንጭታት ኣታዊ (ወፈያታት ካብ ውሽጥን ወጻእን ዘጠቓለለ) እናተኸታተለ፡ ዓመታዊ ባጀት ውድብ የዳሉን ብኣዕለዋይ ኣካል ምስ ጸደቐ ከኣ፡ ትግበራኡ ዝከታተልን



ምሕራስ ብትራክተር ኣብ እዋን ገድሊ

ኣብርቲዑ ክሰርሕ ጀመረ። ናይ ሰፈራ መደባት ብምውጻእ'ውን፡ ሰበኽ ሳግም እዩ። ቀረጽን ግብርን ይእክብ። ንኹሉ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ኦዲት ይገብር። ኣገልግሎታት ወህለላ ልቓሕን ትውግታትን ንህዝቢ ንምሃብን'ውን፡ ጻዕርታት ኣካዩዱ እዩ። ሃገራዊ ግምጃ ከምኡ'ውን ሃገራውን ንግዳውን ባንክታት ንምቛም መሰረት ዘንጽፍ ምርምርን መጽናዕትን'ውን የካይድ ነበረ። እዚ ኮሚሽን'ዚ ዝተፈላለዩ ወፍርታት ብምግባር ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ህዝባዊ ግንባር ንምዕባይ ዘካይዶ ጻዕርታት ምስ ኩሉ ድሩትነት ዓቕምን ጸጋታትን ናይ ኩናት ሃዋህውን ዝነበሮ ተጽዕኖ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብዙሕ ሽግራት ክፈትሕ ዝኸኣለ ወጽኢት ተረኺቡዎ እዩ።



**ይቕጽል...**



መትከል ርእሰ ምርኮሳ ኣብ ምስፋሕ ጀራዲን

## ካብ ሰነዳት ስእልታት ሰውራ

ህዝባዊ ግንባር ካብቲ ኣብ መጋቢት 1973 ዝማረኾ ፈላሚ ምሩኽ ወተሃደር ኢትዮጵያ ክሳብ እቶም ኣብ 1991 ዝማረኾም ኣስታት 100,000 ወተሃደራት ኢትዮጵያ ብሓልዮትን ትምህርትን ክሕዞም ጸኒሑ። ብፍላይ ኣብ ደሮ ናይቲ ሓንሳብን ንሓዋሩን ሰውራና ከጥፍእ ዝተበገሰ 6ይ ወራር፡ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ምሩኻት ኩናት ምሉእ ናጽነት ብምሃብ ናብ ዓዶም፡ ናብ ወጻኢ ከምኡ'ውን ናብ ሰውራ ኤርትራ ተጸንበርም።

እቶም ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ዝነበሩ ብናጻ ዝፍለጡ ኢትዮጵያውን ምሩኻት ልክዕ ካብ ተጋዳላይ ብዘይፍለ መሰል፡ እንስሳ ከጥርዩ፡ ሕርሻ ክሰርሑ፡ ኣብ ስፖርታውን ባህላውን ንጥፈታት ክሳተፉ፡ ማሃይምነት ከጥፍኡን ደረጃ ትምህርቶም ከመሓይሹን ተጻዊሩን ብምስባሮ'ውን ተሰሪሖሙ።

ገለ ካብኣቶም፡ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ምስ ሓዙ፡ መሰሉምም ነታ ዘኸለሱቶም ኢድ ክነኽሱ ዝፍትኑ ዘለዉ ኩሓድነቲ ነቲ ዝመሓርም ህ.ግ. ክሕደሞ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራን ባሕሩን ከም ዕቡድ ከልቢ ይኑብሑ ኣለው።

እዛ ስእሊ ድማ፡ ሓንቲ ካብቲን ባህላዊ ንጥፈታቶም ከካይዱ፡ በቲ ህዝባዊ ግንባር ዝሃቦም መሰል ዝቖሙት ጉጅለ ባህሊ ኢምባክ'ያ።



## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት ታሪኽና

1. ሀ/ሓምለ 1960
2. ሀ/ሓምለ 1965
3. መ/ ኩሉ መልሲ'ዩ፡ (6 ሓምለ 1977 ደቀምሓረ፡ 8 ሓምለ 1977 ከረን፡ 6 ሓምለ 1985 ባረንቱ)
4. ሐ/800
5. መ/ 5ይ ወራር (ካብ 8 ሓምለ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ሓምለ)
6. ሐ/ 6000 ደግመት።
7. ሐ/ ኣውጉት
8. ሐ/ በይሩት ሊባኖስ
9. ሐ/ 3ይ 4ይ 5ይ (ምኽንያቱ እዞም ወራራት እዚኦም ኣብ ሓደ ዓመት 1979 ዝተኻየዱ'ዮም)
10. ሐ/ ግንባር ሶማሊ ምብራቕ ሳሕል (ብኢጋጣሚ መበል 30 ዓመት ስርሒት ምድምሳስ ውቃው እዚ ዝተዳለወ መጽሓፍ)

ምርጫ ንሕና
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Eritrea-China Exploration and Mining Share Company

Ararib Street, House No. 37 Kebabi maekel ketema, ; Tel. +291-1-200009; Asmara, Eritrea.

VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-China Exploration and Mining Share Company (ECEM) invites qualified applicants for the following posts:

**1, Position:** HSE Supervisor

Place of Work: Augaro
Starting Date: August
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One(1)

| | |
|---|---|
| **Position Overview** | The HSE Supervisor is responsible for overseeing and enforcing Health, Safety, and Environmental compliance during the development and construction phase of the Augaro mining site. |
| **Key Responsibilities** | **On-Site Safety Supervision & Hazard Control**<br>• **Field Inspections:** Conduct daily site walk-throughs across mining exploration sites, processing plant footprints, and camp facilities to identify and resolve unsafe conditions or behaviors.<br>• **Permit to Work (PTW):** Review and issue Permits to Work (e.g., hot work, confined space, excavation, working at heights) to ensure high-risk activities are properly isolated and controlled.<br>• **PPE Compliance:** Enforce full compliance with mandatory Personal Protective Equipment (PPE) requirements across all workforce sectors and visitors.<br>**Risk Assessment & Training**<br>• **Job Safety Analysis (JSA):** Lead and assist supervisors and contractors in creating thorough JSAs and Risk Assessments before executing non-routine or complex construction activities.<br>• **Safety Inductions:** Deliver comprehensive site safety inductions for newly arrived employees, contractors, and visitors.<br>• **Toolbox Talks:** Organize, audit, and lead daily pre-shift Safety Toolbox Talks to raise risk awareness on specific site activities.<br>**Incident Investigation & Reporting**<br>• **Incident Response:** Act as first responder for on-site safety incidents, near-misses, injuries, or environmental spills.<br>• **Root Cause Analysis (RCA):** Lead thorough investigations into incidents and near-misses using RCA methodologies, establishing actionable corrective and preventive measures.<br>• **HSE Metrics & Logging:** Maintain accurate accident/incident logs, leading and lagging indicator metrics, and submit daily/weekly safety performance reports to management.<br>**E. Emergency Preparedness & Occupational Health**<br>• **Emergency Drills:** Assist in planning and executing regular fire, heat stress, evacuation, and medical emergency drills.<br>• **Occupational Health:** Collaborate with site medical teams to monitor heat stress protocols, potable water quality, kitchen sanitation, and vector-borne disease control. |
| **Qualifications** | • A Bachelor's Degree or Diploma in Occupational Health & Safety, Environmental Science, Engineering, Mining or a related discipline.<br>• At least 5 years of relevant experience, preferably in mining, construction or other industrial projects.<br>• Experience in HSE management<br>• Strong leadership, organizational and communication skills.<br>• Ability to work independently in a remote mining environment.<br>• Good command of written and spoken English.<br>• Computer proficiency in Microsoft Office.<br>• A valid Eritrean driving license will be an advantage. |
| **Personal Attributes** | 1、Strong sense of responsibility and integrity.<br>2、Excellent organizational and problem-solving abilities.<br>3、Ability to work under pressure and mining environments.<br>4、Good teamwork and communication skills. |

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service Obligation and provide evidence of release paper from Ministry of Defense
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, experience credentials, copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper.
- **Address: Please mail your applications to:**

  Mineral Resources Management

  P.O.Box- 272
- **Note to non-Eritrean applicants:**

  Please send a copy of your application to Aliens Employment permit Affairs P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

# ሞያን ስነምግባርን

ስምረት የሃንስ

እዛ ንነብረላ ዘለና ዓለም፡ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት እትጥርንፍ እያ። ነዚም ዝተጠናነገ ኣነባብራ ዘለዎም ሕብረተሰባት ንምግልጋልን ኑቶም ዘለዉ ሃንፋት ንምምላእን ብዙሕ ሞያን ብዙሓት ሞያውያንን የድልዩ። ሞያ፡ ብትምርትን ልምምድን ሓሊፍካ ዝጥረ ነገር ጥራይ ኣይኮነን። ምስቲ ሞያ ክህሉ ዘለዎን ክጠረ ዝግባእን ሓደ ሰንደቕ ናይ ባህርያት እዩ። ሞያን ስነምግባርን ኣብ ውልቃውን መንግስታዊን ትካል ኣብ ምህናጽ ዓቢ ተራ ይጻወት። ሞያ ሕክምና ይኹን ሕጊ፡ ምህንድስና ይኹን ምምህርና ወይ ጋዜጠኝነት ወዘተ፡ ስነምግባር እቲ ዝዓበየን ወሳኒ ረቛሒን ምዃኑ ክንስሕቶ ኣይግባእን። ሃደ ሞያ ዘይሩ ዘይሩ ዕላማኡ ንሕብረተሰብ ምግልጋል ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሞያና ንኽተሎ መስርሓትን ንወስኖ ውሳነታትን፡ ንህይወት ውልቀሰባትን መነባብሮ ሕብረተሰብን ብዝተፈላለየ መንገዲ እዩ ዝጸሉ። ስለዚ እዩ ኸኣ ኩሎም ዓይነት ሞያታት ንስነምግባር ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዓቢ ቦታ እናሃቡ ዝመጽኡ ዘለዉ።

ሞያ ብዙሕ ዓውዲታት ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ክትፈልጦን ክትመልኮን ፍሉይ መጽናዕትን ምርምርን ልምምድን የድሊ። ኣብ ውሱን ዓውደ ትምህርቲ፡ ብመጽናዕትን ምርምርን ሓሊፉ እኹል ልምዲ ዘደለበ ሰብ በዓል ሞያ ይብሃል። ገለ ምሁራት፡ “ሞያ፡ ብሓደ ዓውደ ትምህርትን ምምራቕን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንሕብረተሰብ ፍሉይ ኣገልግሎት ምሃብ'ውን ዘጠቓልል እዩ” ኢሎም ይገልጹ። እቲ ካልኣይ መዳይ ናይ ሞያ ከኣ ስነምግባር እዩ። ስነምግባር ማለት ብሓፈሻዊ መግለጺ፡ ሕልናዊ መምርሒ ወይ መትከል ኮይኑ፡ ንሰባት ውሱን ባህርያትን ጠባያትን ክንጸባርቑ ዝድርኽ እዩ። ገለ ምሁራት ንስነምግባር ኣብ ክልተ ይኸፍልዎ። እቲ ሓደ፡ ውልቃዊ ስነምግባር ኮይኑ፡ ሰባት ዘልለይሉን ምስ ካልኦት ዘርእይዎን ባህርያት እዩ። ከም ኣዘራርባ፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዘለና ኣኽብሮት፡ ወዘተ እዩ። እቲ ካላኣይ ከኣ፡ ሞያዊ ስነ-ምግባር ኮይኑ፡ ሓደ በዓል ሞያ ብመሰረት እቲ ዘለዎ ሞያ ከጥርዮ ወይ ክንጸባርቖ ዝግባእ ውሱን ባህርያት እዩ። ሞያዊ ስነ-ምግባር እውን ኣብ ክልተ ይምቀል። እቲ ሓደ ትካላዊ ሞያዊ ስነምግባር ማለት ሓንቲ ትካል በቲ ትህቦ ሞያዊ ኣገልግሎት ተደሪኻ ተውጽኦም መመሪሒታት ወይ ሕጋጋት እዩ - ንኣብነት ምኽባር ግዜን ዓይነት ኣለባብሳን። እቲ ካልኣይ ከኣ፡ ኣብቲ ሞያ ዝሰርሑ ኣባላት ንምቁጽጻሮም ዝወጽእ ሕጋጋት እዩ።

ኩሉ ዓይነት ሞያ፡ ሓደ ዓይነት ስነምግባር ኣለዎ ወይ ክህልዎ ይግባእ ማለት ግን ኣይኮነን። ናይ ነፍሲወከፍ ሞያ ስነምግባር፡ ኣብቲ ዓይነት ናይቲ ሞያ ዝምርኮስ እዩ። እቲ ሞያ ኣብ ሰባት ዝህልዎ ጽልዋን ከምጽእ ዝኽእል ሳዕቤናትን እውን ኣብ ግምት ዘእቱ እዩ። ንኣብነት፡ ናይ




ሕክምና በዓል ሞያ ምስ ሓደ ኣብ ናይ ትካል ፍትሒ ዝሰርሕ በዓል ሞያ፡ ዋላ'ኳ ገለ ሓበራዊ ሞያዊ ስነ ምግባር እንተሃለዎ፡ ዝፈላለዩም ረቛሒታት እውን ኣለዎ። ንኣብነት ገለ ካብቲ ኣብ ሞያ ሕክምና ከም ሓካይምን ተሓጋገዝቲ ሓካይምን ክህልዎም ዘለዎ ሞያዊ ስነምግባር፡ ግዜኦም ብግቡእ ዘኽብሩን ንናይ ዝኾነ ሕሙም ኩነታት ብምግንዛብ ዘድዮ ሓገዝ ብቕልጡፍ ዘማልኡ ክኾኑ ይግባእ። ብዓቢኡ እውን ምስ ሕሙም ዘለዎም ርክብ ርህራህ ዝመልአ ክኸውን ይግባእ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ሕክምና ኩሉ ግዜ ናይ ሞትን ህይወትን ሕቶ ስለ ዝኾነ እዩ። ግዜ ምኽባር፡ ቅልጡፍ ሓገዝ ምሃብ፡ ኣድላይ ሕክምናዊ መስርሕ ምኽታል ወዘተ እቲ ቀንዲ ሞያዊ ስነ-ምግባር እዩ። ትሕትናን ርህራህን ዝመልአ ኣቀራርባ ናይዞም ሰብ ሞያ፡ ኑቲ ኣብ ህይወት ክህልወና ዝግባእ ሕልናዊን ሞያዊን ግዴታን የንጸባርቕ። ስለዚ፡ ኩሉ ዓይነት ሞያ፡ ናናቱ ሞያዊ ስነምግባር ኣለዎ።

ዩኒቨርሲቲ ፐንሲልቫንያ፡ ብዛዕባ ሞያዊ ስነምግባር ኣመልኪቱ ኣብ ዝዘርግሖ ጽሑፍ፡ ኩሉ ሞያ ናናቱ ሞያዊ ስነምግባር እኳ እንተ ሃለዎ፡ ንኹሉ ዝጥርንፍ ሓባራዊ ዝኾነ መትከላት እውን ከም ዘሎ የነጽር። እዘን ኩሉ ሞያ ክንጸባረቓ ዝግብአን መትከላት፡ ሽውዓተ እየን። ንሳተን ድማ፡- ቅንዕና፡ ተሓታትነት፡ ሚዛናውነት፡ ምስጢራውነት፡ ብቕዓት፡ ሞያዊ ባህሪን ምሕደራን ተባሂለን ይጥቀሳ። ሓባራዊ መረዳእታ መታን ክህሉ፡ ብዛዕባ ገለ ኣብቲ ሞያዊ ስነምግባር ናይ ዳንነትን ንዕኡ ዘመሓድር ስርዓትን ንርአ።

ፈራዲ ኣካል፡ ሓደ ካብቲ ንመንግስቲ ዘቖውም ኣካል እዩ። ፈራዲ ኣካል፡ ፍትሒ ኣብ ምንጋስን፡ ዘሎ ሕግታት ብግቡእ ምትግባሩን፡ ንኣተጋባብራኡ ዝቈጻጸርን ትካል እዩ። ኣብ ቤት ፍርዲ ንዝመጽእ ናይ ሕጊ ሕቶታትን ጉዳያትን ዝምልስ ኣካል ድማ ዳኛ እዩ። ዳንነት ልክዕ ከም ካልእ ሞያታት ናይ ገዛ ርእሱ ሞያዊ ስነምግባር ወይ ሕግታት ኣለዎ። ስነምግባር ናይ ዳንነት፡ ዝሕንጽጽ መምርሒ ወይ ሕጊ judicial code of conduct ይብሃል። ዕላማ ናይዚ ሕጊ፡ ንባህሪ ናይቶም ደያኑ ወይ ፈረድቲ ኣካል ንምቁጽጻር እዩ። ምኽንያቱ ደያኑ ሰባት ከም ምዃኖም መጠን ካብ ጌጋ ነጻ ክኾኑ ስለ ዘይክእሉ።

ኑቲ ክፍጠር ዝኽእል ክፍተት ንምቁጽጻር፡ ሓደ ንጹር ዝኾነ ምስ ስርዓተ ፍርዲ ብምትሕሓዝ፡ ሓደ ፈራዲ ኣካል ክህልዎን ከጥርዮን ዝግባእ ባህርያት ብግቡእ ሰፊሩ ይርከብ።

ብቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ስነምግባር ዘይሻርነት(impartiality) እዩ። ኣድልዎ፡ ኣብ ዝተፈላልየ ኩነት ብዙሕ ትርጉም ክህልዎ ይኽእል። ኣብ ስርዓተ ፍርዲ እንተ መጺእና፡ ዘይኣድልዎነት ወይ ዘይሻርነት ማለት ንዝመጽካ ጉዳይ ናትካ ውልቃዊ ስምዒትን፡ ኣረኣእያን ኣብ ዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ብሄር ወዘተ ኣብቲ መጺኡካ ዘሎ ጉዳይን በዓል ጉዳይን ዘለካ ኣረኣእያ ብምውጋድ፡ ኑቲ ዘሎ ሕግታት ብቕንዕናን ብርትዓዊን መንገዲ ምትግባር እዩ። ዳኛ ኳንካ ውልቃዊ ህይወት ክህልወካ ንቡር እዩ። ምስ ውልቃዊ ኩነታትካ ዝተሓሓዝ ማለት ምስ ናይ ስድራቤት ቀረብቲን ንዓኻ ዝምልከት ረብሓ ዘለዎን ጉዳይ፡ ናብ መጋባኣያኻ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ከምዚ ምስ ዘጋጥም ዳኛ ኑቲ ጉዳይ ካብ ምርኣይ ብገዛ ፍቓዱ ክሓድግ ይግባእ። ኣድልዎ ብተግባር ዘይኮነስ ብቓላት እውን ክግለጽ ይከኣል እዩ፡ ንኣብነት ኣብ መጋባኢያ ንዝመጹ ተኸራኸርቲ ኣካላት፡ ጠበቓታትን፡ መሰኻኽርን ኣኽብሮት ዝጎደሎ ወይ ዘለፍቲ ቃላት ዘይምጥቃም። ኣብቶም ሰብ ጉዳይን ኣብ ካልኦት ሰባትን ናይ ኣድልዎ ስምዒት ክፈጥር ስለ ዝኽእል፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ቃላት ምጥቃም ኣይግባእን። ብዓቢኡ እውን ንሰብ ጉዳይ ኣብ ውልቃዊ ኮነ ልምዳዊ ኣረኣእያን ኣተሓሳስባን ምርኩስ ከይገበርካ ብማዕረ ምርኣይ ይግባእ።

ዕላማ ፍርዳዊ ኣካል ፍትሓዊ ዝኾነ ውጽኢት ንምምጻእ ስለ ዝኾነ ዳኛ ንዝመጽእዎ ጉዳያት መርትዖታት ብግቡእ ከጽንዖምን ዘድሊ ሕጋዊ ሓበሬታ ከምዝማልእ ከረጋግጽን ይግባእ። ብዝተኻእለ መጠን እውን ቅልጡፍ ዝኾነ ፍርዲ ክህብ ይግባእ። ኣብያተ ፍርዲ፡ ንመዓልቲ ኣሽሓት ጉዳያት እየን ዝቕበላ። ንሓደ ዳኛ'ውን ብዙሓት ዝኾኑ ጉዳያት ክመጽእዎ ይኽእሉ። እዚ ኣብ ግምት ብምእታው ምድንጓያት ክህሉ ይኽእል እዩ። እቲ ምድንጓያት ግን ብሰሪ ሸለልትነት ክኸውን ኣይግባእን።

ካልእ፡ ዳኛ ልክዕ ከም ካልኦት ሰብ ሞያ፡ ግዜኡ ከኽብር ይግባእ። ምኽንያቱ ግዜኻ ምኽባር ማለት ክዕየ ዝግባእ ስራሕ ብእዋኑ ከምዝዕየ መረጋገጺ እዩ። ብዓቢኡ እውን ግዜኻ ምኽባር ሓደ ካብ ሞያዊ ስነምግባር ስለ ዝኾነ። ስራሕ ዳንነት ዓቕሊ ዝሓትት ሞያ እዩ። ስለዚ ሓደ ዳኛ ኣብ ቦታ ስርሑ ዓቕሊ ክህልዎ ይግባእ። ብዘይካ'ዚ፡ ቅንዕናን ምስጢራውነትን ዝጠልብ ሞያ እዩ። ትካል ፍትሒ፡ ልክዕ ከም ካልእ ሞያ ቅንዕናን ምስጢራውነት ይሓትት። ስለዚ፡ ዳኛ ንጉዳያት ምስ ስርዓተ ዳንነት ዝተሓሓዝ ሓበሬታ ንዘኾነ ሰብ ከየካፈለ ብምስጢር ክሕዞ ይግባእ። ከምኡ'ውን ዳኛ ስርሑ ብሙሉእ ቅንዕና ማለት ካብ ኩሉ ዓይነት ብልሽውና ነጻ ኮይኑ፡ መጺዎ ንዘሎ ጉዳይ ሕግን ስርዓትን መሰረት ገይሩ ብዘይ ኣድልዎ ውሳነ ክህበሉ ይግባእ።

ሞያዊ ስነምግባር ብሓፈሻ ሓደ ሕብረተሰብ ርትዓዊ ዝኾነ ኣገልግሎት ንኽረክብ ወሳኒ እዩ። ናይ ሓደ በዓል ሞያ ዕብየት ድማ የረጋግጽ። ዓይነት ሞያኻ ብዘየገድስ ስነምግባር ምህላው፡ ንሕብረተሰብ፡ ኣጥኻን ኣብቲ እትሰርሓሉ ትካልን እምነት ከሐድር ይድርኾ። ስነ ምግባር ምህላው ከም ውልቀሰብ እቲ ዝበለጸን ዕጉብን ናይ ገዛእ ርእስኻ ምስሊ ክብ ዝበለ ኮይኑ፡ ኣብ ቅድሚ ኑብሰኻን ኣብ ቅድሚ ሕብረተሰብን ኩሉ ግዜ ልዑል ቦታ ክህልወካ ይገብር። ብእንዝህቦ ሞያዊ ኣገልግሎት ዕጉብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ክህልወና እንተ'ኮይኑ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሞያ ንነጥፍ ዜጋታት ንሞያና ብሕልና፡ ቅንዕናን ብናይ ምሕጋዝ መንፈስን ክንሰርሕ ይግባእ። ሞያዊ ስነምግባር ምጥሓስ ከቢድ ሲቪላውን ገበናውን ሳዕቤን ከምዘለዎ እውን ዘይምዝንጋዕ። ንኣብነት ኣብ ሕጊ ኤርትራ ምስ ሞያን ሞያዊ ስነምግባርን፡ ግዴታን፡ ግቡእን ናይ ሓደ በዓል ሞያ ተተሓሒዙ ንዝፍጸም ጉድለታትን ጌጋታትን ዝመጽእ ሕጋዊ ሳዕቤን ኣብ ዓንቀጽ 2031፣ ዓንቀጽ 2126 ንኡስ ዓንቀጽ 2 ናይ መ/ሲ/ሕ/ኤ ኣብ ዝተፈላልዩ ዓንቀጻት ናይ መ/ገ/ሕ/ኤ ከም ዓንቀጽ 407ን ዓንቀጽ 500ን ንኡስ ዓንቀጽ ሰ ተንጸባሪቑ ይርከብ። እቲ ወሳኒ ነገር ግን ሕጊ ፈሪሕካ ዘይኮነስ፡ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ሰብ ምዃንካ ምዝካር እዩ። ዘለካ ሞያ ኣብ ሞያኻ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወትካ ከመይ ዓይነት ሰብ ክትከውን ከም ዘለካ ይምህረካ እዩ። ሓኪም፡ ህይወት ንምድሓን ክጓየ ከሎ፡ ዳኛን ኣኽባሪ ሕግን ፍትሒ ከረጋግጽ፡ መምህር ፍልጠት ናብ ወለዶታት ከሰጋግር፡ ኮታስ ኩሉ ሰብ ሞያዊ ስነምግባር ተኸቲሉ ንሕብረተሰብ ብቑዕ ኣገልግሎት ክህብ ይግባእ።

**ምንጪ፦** Bangalore Principle of Judicial Conduct




## መደብ ተለቪዥን

**ሰንበት 09/08/2026**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራ ኣብ ስትድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:05 | ዶክመንት |
| 18:35 | መደብ ሙዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

**(ሰኑይ) 10/08/2026**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዶክመንት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎው ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ካልኣይ ዙርያ ክረምታዊ ውድድራት ግራስ ሩት ይቕጽል

ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ተኸፋፊሉ ዝሰላሰል ዘሎ ክረምታዊ ውድድራት ኲዕሶ እግሪ `ግራስ ሩት` ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ብናይ ካልኣይ ዙርያ ውድድራት ቀጺሉ ውዒሉ።

ኣብ ኣርባዕተ ሜዳታት ማለት ኣብ ሜዳ ቤት-ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ባርካ፡ ቀይሕ ባሕሪ ከምኡ`ውን መዓስከር ደንደን ተጻወትቲ ትሕቲ 15 ዓመት ግጥማቶም ኣሰላሲሎም። ፈለማ ንሜዳ ኣብ ዝወረዳ ጋንታታት ኣባሻውል ንቲራቨሎ 3ብ1 ክትረትዓ እንከላ፡ ቀጺለን ኣብ ዝተጻወታ ጋንታታት ድማ፡ ፖራዲዞ ንሰረጀቓ 3ብ0፡ ገዛ ባንዳ ንዕዳጋ ሓሙስ 3ብ2፡ ማይ-ተመናይ ንጋላ-ነፍሒ 2ብ0፡ ገጀረት ንኣኽርያ 1ብ0፡ ጎዳይፍ ንበሪኽ 2ብ1፡ ማእከል ከተማ ንሰንበል 2ብ0 ብዘሸፉነ ውጽኢት ዓወት ከመዝግባ እንከለዋ፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ድማ ምስ ጸጸራትን 1ብ1 ተፈላሊያ።




ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ኣብ ዘሰላሰልኦ ግጥማት፣ ኣርባዕተ ኣስመራ ንፖራዲዞ 2ብ0፡ ጎዳይፍ ንኣኽርያ 4ብ1 ዓወት ኣመዝጊበን። በሪኽ ምስ ማይ-ተመናይ፡ ኣባሻውል ምስ ዕዳጋ ሓሙስ ከኣ፡ ብተመሳሳሊ ውጽኢት 0ብ0 ተፈላልየን።

ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ሎሚ ሰንበት'ውን፡ ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ጋንታታት ኲዕሶ እግሪ፡ ኣብ ኣርባዕተ ሜዳታት ብዘካይድኦ ውድድር ቀጺሉ ከም ዝውዕል ህዝባዊ ርክባት ጨንፈር ስፖርት ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

## ፈራን ቶረስ፡ ናብ ፒኤስጂ ክኸይድ ይደሊ

ዕወት ዋንጫ ዓለም 2026 ስጳኛዊ ፈራን ቶረስ፡ ኣብዚ ክራማት ናብ ፒኤስጂ ክጽንበር ከም ዝደሊ ንጋንታኡ ባርሴሎና ሓቢርዋ። ፈራን ቶረስ ምስታ ኣብ ትሕቲ ልዊስ ኤንሪከ፡ ናይ ምጥቃዕ ሓይላ ክትድርዕ ኣንቂዳ ዘላ ፒኤስጂ ውልቃዊ ስምምዕ ፈጺሙ ይርከብ።

ቶረስ፡ ብዘመዝገቦም ሸቶታት ወሳኒ ተጻዋታይ ባርሴሎና ምዃኑ ኣመስኪሩ'ዩ ጸኒሑ። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ 49 ግጥማት ተሰሊፉ፡ 21 ኩዕሶ ምስ ሰኪዑ ኣራኺቡ። ምስ ባርሴሎና ኣብ ዝሕለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ከኣ፡ ኣብ 207 ግጥማት 65 ሸቶታት ብምቁጻር ሕጉስ እዋናት ኣሕሊፉ። ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ስጳኛ ኣብ ዘካየደቶ ኩሉ ግጥማት ብምስታፍ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ናይ ህይወት ክኣቱ ኸኢሉ'ዩ። ኣብ ተወሳኺ ግዜ ኣብ ልዕሊ ኣርጀንቲና ሸቶ ብምቁጻር ከኣ፡ ሃገሩ ጸዋእ ዋንጫ ዓለም 2026 ክትለዕል ኣኽኢልዋ። ኣብ ታሪኽ ስጳኛ ስሙ ብደማቒ ቀለም ኣብ ዘጽሓፈሉ እዋን ድማ፡ ምስታ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ብዘኸታታሊ ንኽልተ ዓመት ብምልዓል ንግስነታ ኣረጋጊጻ ዘላ ፒኤስጂ ክጽንበር ወሲኑ ዘሎ።



ነዚ ምስ ባርሴሎና ኣብ ዘለዎ ውዕሉ ሓደ ዓመት ተሪፍዎ ዝርከብ ቶረስ፡ ፒኤስጂ ትደልዮ ዋጋ እንተ ኣማሊኣትላ ባርሴሎና ክትሸጦ ድሕር ኣይክትብልን'ያ። ባርሴሎና፡ ንቶረስ ኣብ 2021 ካብ ማንቸስተር ሲቲ ክተምጽኦ እንከላ፡ 55 ሚልዮን ዩሮ እያ ከፊላትሉ። ፋይናንሳዊ ጉዳያ ቀዳምነት ብምሃብ ከኣ፡ ድሌታ ክማልኣላ ትደሊ።

ምፍናው ቶረስ፡ ነታ ንለዋጦውሰኪ ዝሰኣነት ጋንታኡ ብቐልጡፍ ኣብ ህርመት ባርሴሎና ክኣቱ ዝኽእል ተጻዋታይ ንምምጻእ ክትሰርሕ ከገድዳ'ዩ። ጁልያን ኣልቫረዝ ቀዳማይ ዕላማኣ ኮይኑ ድማ፡ ይርከብ። የግዳስ ጋንታኡ ኣትለቲኮ ማድሪድ ክትሸጦ ባህጊ የብላን። ባርሴሎና ኣቓልቦኣ ናብ ካልእ ክተዘውር ከኣ፡ ክትግደድ'ያ።

## ዜና ብሓጺሩ

- **ሊቨርፑል ንኣራውሆ ክተፈርም ቀሪባ**

ሊቨርፑል ንኡሩጓዊ ተኸላኻላይ ሮናልድ ኣራውሆ ንሓደ ወቕቲ ስፖርት ካብ ባርሴሎና ብለቓሕ ክትፈርሞ ከም ዝተቓረበት ተገሊጹ። ሎሚ ሰንበት ሕክምናዊ መርመራ ክካይድ ትጽቢት ዝግበረሉ ኣራውሆ፡ እቲ ስምምዕ ብቀዋምነት ናይ ምግዛእ ዘጠቓልል ምዃኑ ተገሊጹ። ወዲ 27 ዓመት ኣራውሆ ማእከል ምክልኻል ባርሴሎና ብምጽናዕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ንሰለስተ ወቕቲ ስፖርት ጸዋእ ላ ሊጋ ክትለዕል ሓጊዝዋ`ዩ። ኣብ 2018 ካብ ኡሩጓዊት ክለብ ቦስቶን ሪቨር ናብ ባርሴሎና ዝተጸንበረ ኣራውሆ፡ ንባርሴሎና ወኪሉ ኣብ 200 ግጥማት ተሳቲፉ። ኣብ ጉድኒ ቫንዳይክ ዝሰለፍ ተመክሮ ዘለዎ ተኸላኻዪ ከም ዘድልያ ክትገልጽ ዝጸንሐት ሊቨርፑል፡ ኣራውሆ ንዝጸንሓ ሃንፍ ክምልእ ትጽቢት ይግበረሉ።



- **ማንቸስተር ሲቲ ንውዕል ኢንዞ ፈርናንደዝ ትድህስስ**

ሮድሪ ካብ ርያል ማድሪድ ንባርሴሎና ብምምራጽ ካብ ማንቸስተር ሲቲ ምውጽኡ ርጉጽ ኣብ ዝመሰለሉ ግዜ፡ ሲቲ ንተጻዋታይ ቸልሲ ኢንዞ ፈርናንደዝ ተማዕድዎ ከም ዘላ ተገሊጹ። ማንቸስተር ሲቲ፡ ዋላኳ ንኢሊት ኣንደርሶን ካብ ኖቲንግሃም ተምጽእ፡ ንሲላቭ ናብ ማድሪድ ኣፋንያ ብምህላዋ፡ ነዚ ሃንፍ ዝሽፍን ተጻዋታይ የድልያ'ዩ። ብፍላይ ምውጻእ ሮድሪ ምስ ዝድረቡ፡ ፈርናንደዝ፡ ኣብ መንጎ ቀጽሪ 10ን ካብ ሳጹን ናብ ሳጹን ዘሎ ማእከል ምክፍፋላን ክሸፍን ይኽእል'ዩ። ሲቲ፡ ንዘዓሞቓ ተራን ኣንደርሰን ንውሸጢ ንኽደፍእን ከኣ፡ እዚ ተጻዋታይ የገድሳ። ንዓቕምን ግደን ኢንዞ ፈርናንደዝ ኣብ ቸልሲ ኸሎ ዝፈልጥ ኣሰልጣኚ ኢንዞ ማረስካ ከኣ፡ ፈርናንደዝ ኣብ ቸልሲ ዘለዎ ውዕል ኣብ ምዕዛብ ይርከብ። ኣሎንሶ፡ ኣብ ደግመ ህንጻ ቸልሲ ንፈርናንደዝ ኣካል መሳርዑ ገይርዎ ብምህላው ግን፡ ብቐሊሉ ክትረኽቦ ከሸግራ ይኽእል'ዩ።

- **ኣቦ መሲ ዓሪፉ**

ኣቦ ኣርጀንቲናዊ ልዮነል መሲ፡ ጆርጅ መሲ ትማሊ ዓርቢ ኣብ መበል 68 ዓመቱ ዓሪፉ። ንዝሓለፈ ኣዋርሕ ብበዓልቲ ቤቱን ደቁን ተሰንዩ ኣብ ኣርጀንቲና ሕክምናዊ ክንክን ክረክብ ከም ዝጸንሐ`ውን ተሓቢሩ። ድሕሪ ዋንጫ ዓለም 2026`ውን ወዱ ልዮነል መሲ ዝሓለፈ ሰሙን ናብ ክለቡ ቅድሚ ምጽንባሩ፡ ግዜኡ ምስኡ ኣሕሊፍዎ`ዩ። ካብ ምጅማር ሞያዊ ጸወታ ኲዕሶ እግሪ መሲ ካብ ጐድኑ ዘይተፈልየ ጆርጅ መሲ፡ ከም ወኪሉ ብምዃን`ውን ክሰርሕ ጸኒሑ`ዩ።

## ጉማረሽ ምስ ኣርሰናል ተጸንቢሩ





ሓለቓ ጋንታ ኒውካስል ብሩኖ ጉማረሽ፡ ኣብ መጀመርያ ክራማት ናብ ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ 2025-26 ዝኾኑት ኣርሰናል ክጽንበር ከም ዝደሊ ኣፍሊጡ ነይሩ። ሓለቓ ጋንታኣ ምስዳድ ዘይተዋሕጠላ ኒውካስል ግን፡ ከይፈቐደት ጸኒሓ። ዓሚ ብጉዳይ ምስግጋር ኣሌክሳንደር ኢሳቕ መሳርዓ ተዘሪጉ ዝሓለፈ ኒውካስል፡ ጉዳያ ጉማረሽ ከኣ፡ ካልእ ስንብራት ክይገድፈላ ተሰጊኣ ጸኒሑ። ንነዊሕ መዓልታት፡ ሓደ ካብ ላዕለዎት ኣርእስተ ዜና ምስግጋር ናይዚ ክራማት ኰይኑ ድማ ቀጺሉ። ድሕሪ ምንጻግ ሓደ ፈተነ ግን፡ ኣብ መወዳእታ ብ75 ሚልዮን ፓውንድ ዋንነት ኣርሰናል ኰይኑ ይርከብ።

ወዲ 28 ዓመት ብሩኖ ጉማረሽ፡ ሓደ ዓመት ናይ ምውሳኽ ተኽእሎ ዘለዎ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ውዕል ምስ ኣርሰናል ፈሪሙ ኣሎ። "እዚ ውሳነ ንዓይ ዘሸበደ'ዩ፡ ምኽንያቱ ኒውካስል ንዓይ ኩሉ ነገረይ'ያ ነይራ" ክብል ድማ መግለጺ ሂቡ።

ጉማረሽ፡ ጥሪ 2022 እዩ ካብ ልዮን ንኣርባዕተ ዓመትን ፈረቓን ብምፍራም ናብ ኒውካስል ተጸንቢሩ። መጋቢት 2025 ንሊቨርፑል ኣብ ዝረትዕሉ ኣጋጣሚ ኸኣ፡ ኣብ ውሽጢ 70 ዓመት እቲ ናይ ፈለማ ሓለቓ ጋንታ ኒውካስል ናይ ውሽጢ ሃገር ዋንጫ ዘልዓለ ኰይኑ። ጉማረሽ፡ ኣብ 2023ን 2025ን ኣባል እታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝተሳተፈት ኒውካስል ብምዃን ኣካል ታሪኻ ክኸውን ክኢሉ'ዩ።

ብሩኖ ጉማረሽ፡ ኣብ ኣርሰናል ቁጽሪ 39 ማልያ ብምልባስ ኣብ ግጥማት ክረአ`ዩ። ናብ ኩሉ መኣዝናት ናይ ምንቅስቓስ ዓቕሚ ብሩኖ ጉማረሽ፡ ምስ ልዑል ፍጥነትን ናይ ምክልኻል ክእለትን ዴክላን ራይስ፡ ፈጠራዊ ብቕዓት ኦዲጋርድ ወይ ኢዘ ተደሚሩ ኸኣ፡ ማእከላይ መስመር ኣርሰናል ካልእ መልክዕ ሒዙ ክቐርብ'ዩ። ንዝ-ብመንዲ፡ ልዊስ-ስኬልይ፡ መሪኖን ማክስ ዶውማንን ሓቝፉ ዘላ ኣርሰናል፡ ብሩኖ ጉማረሽ ናብ መሳርዓ ብምጽንባር ተወሳኺ ሓይሊ ፈጠራ ትርከብ። ጉማረሽ ብምፍራም ማእከላይ መስመራ ሃኒጻ ዘላ ኣርሰናል፡ ብመጉዳእቲ ሳሊባ፡ ቲምበርን ቤን ዋይትን ስሕዩ ንዘሎ መስመር ምክልኻል ንምድልዳል ከኣ፡ ኣዒንታ ናብ ናይ ኣስቶን ቪላ ተኸላኻላይ ኮንሳ ኣቕኒዓ ትርከብ።

## ሞት ክላርከስ ብጽልዋ "ድራግ" ምዃኑ ተፈሊጡ

ኣብ ወርሒ ግንቦት ዝዓረፈ ኣባል መምፈስ ግሪዝሌስ ተጻዋታይ ኲዕሶ ሰኪዕት (NBA) ብራንደን ክላርክስ፡ ብሰንኪ ጽልዋ ዝወሰዶ ሄሮይንን ኮኮይንን ከም ዝሞተ ሱብ መዚ ሎስ ኣንጀለስ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ገሊጾም።





ወዲ 29 ዓመት ብራንዶ ክላርክ፡ 11 ግንቦት 2026 ኣብ ቤቱ ሞይቱ ተረኺቡ። ንውጽኢት መርመራኡ ተወኪሶም ሓካይም ንጠንቂ ኣማውታኡ ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ "ብሰንኪ ጽልዋ ብርኽት ዝበሉ መድሃኒታት'ዩ" ብምባል እንታይ ዓይነት መድሃኒት ምዃኑ ከይገለጹ ጸኒሖም። ኣብ ዝሰዕብ እዋናት ከኣ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ከም ዝህቡ ኣፍሊጦም ነይሮም።

ጋንታኡ ብሞት እቲ ተጻዋታይ፡ "ልቦኻ ዝሰበር" ኢላ ድሕሪ ምግላጽ፡ "ብሉጽ ወዲ ጋንታ፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ብሉጽ ሰብ። ኣብ ውዳብ ብዘዘበሮ ጽልዋ ኣብ ኮሚንቲ መምፈስ ፈጺሙ ኣይክርሳዕን'ዩ" ክትብል ገሊጻ። ክላርክ፡ ኣብ 'ኤንቢኤይ' (NBA) 309 ግጥማት ዘካየደ ተጻዋታይ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግጥም ከኣ፡ 10.2 ሸቶታት የቑጽር ነይሩ።

ኣብ ካናዳ ዝተወልደ እዚ ተጻዋታይ ኲዕሶ ሰኪዕት፡ ኣብ ወቕቲ ስፖርት 2025-26 ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ኣብ ክልተ ግጥማት ጥራይ'ዩ ተሳቲፉ።

**ተረኛ ፋርማሲ**

ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን
ፋርማሲ ኪዳነምሕረት
ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ ኣብይቶ

**ዕለት**

09/08/2026

**ጎደና**

ጎደና ናቕፋ ቁ. 223 ጥቓ እንዳ ማርያም ጥቓ ባር ትራስተለ
ጎደና ሱዳርቲ - 835 ቁ.115፡ ከባቢ ቤ/ትምህርቲ ሰምበል
መጨረሽታ ፈርማታ ኣውቶቡስ ዓዲ ኣብይቶ

**ቁ.ስልኪ**

122798
07113046
07114040

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services